***ኣጆኹም ኣጆና ክወግሕዩ ከመይ ዘይወግሕ***

*ሕድሪሰማእታትና ክቡር እዩ*

*በርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን*

*መቃልሕ ብግንባር ሃገራዊ ድሕነት*

*ብ2 ጥሪ ጡዑም ወረ ኣብ ሐዲሽ ዓመት*

*ኣብ 2017 ሰሚዔ መቃልሕ ናይ ሐርነት..*

*ጸባ ሰትየ ብተማሃሮ እንዳ ማርያም*

*ናይ ኣባ ኣንጦንዮስ ሰሚሩ ጸሎቶም*

*ኣጆኹም ኣጆኹም ሑጹባት ማዓንጣ*

*ንጭፍራ ሐሕ በልዎም ከም ኣንበጣ..*



*ኣብ ኤረትራ ህዝባዊ ናዕቢ*

*ካብ ዓመት ናብ ዓመት ይዓቢ*

*ሰሚዕኩም ዶ ቁጥዔ ናይ ህዝቢ*

*ዋህዮታቱ ይንብሑ ከም ከልቢ..*

*ኣጆኹም ሐረስታይ ተማሃራይ*

*ብስኒት ኣስላማይ ክስታናይ*

*ውረድ በልዎ ንኣርዮስ ካሕዳይ..*

*ኣብ ቤት ትምህርቲ እንዳ ማርያም ክበሃል ዝወዓለ*

*ሕድሪ ዝጠለመ ኣርዮስ ከይወዓለ*

*ንጭፍራ ህግደፍ ብስኒት ሕጂ ንእለ..*

*ካብ ዝብኢ ዝጽበ ኣሎዶ ዓጽሚ*

*ምስ ጀነራላቱ ሎሚ ይኹን ዓሚ*

*ምስ ምኒስተራቱ ንህዝቢ ዘድሚ*



*ካብ ማዓስ እዩ ኡሱራት ዝፈትሖ ጠላሚ*
*ካብ ኣርዮስ ፍትሒ ምጽባይ  ሕልሚ ዩ ሕልሚ..*

*ህዝቢ ኤረትራ ከምዚ ይብል ኣሎ*
*ጅግና ከም ኣብራሃም ተኽለ የድሊሎ*



*ሚሬትና ብዕጻ ፋርስ ጫት ዝበከሎ*
*ኣርዮስ ይተኣለ ዘታለሎ ያኣኽሎ፡*

*ካብ 66 ጀሚሩ ኣብ ምድንጋር ዝነብር*
*ቢኢዱ ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግንባር ነበር*
*ኣቦ ወንበር ህግደፍ ሐለቓ ሸፋቱ እንበር*
*መን ሂብዎ ፕረሲደንቲ ወኪል ህዝቢ ሃገር..*

*ተቃወምቲ ኣብ በላበሎው ንሕልፎ ግዜና*
*ንኣርዮስ ፍቕርና የሰንብዶ እንዳ ፈለጥና*
*ብገለ ደለይቲ ፍትሒ መሰል ንዕንቀፍ ኣለና..*

*ዓመተ 2017 ኣዛኻኺሩኒ ንዓወታት 77ን*
*ምስ ስርዓት ደርጊ ብውዕይን ብዝሑልን*
*ነጻነት ሎሚ ዶ ጽባሕ ኢልና ክንፋታተን*
*ምስ ዝነፈሰ ንፋስ ኣይንንፈስ ኤረትራዊያን*
*ረመጽ ከይንረግጹ ንጠንቀቕ ሕጂ ውን..*

*ንትፈላሊ ዘላ ልሳን ብርዒ ሉጓም ንግበረላ*
*ከም 77 ካብ ኣፍደገ ነጻነት ከይንተርፍ ጃላ*
*ናይ ህዝቢ ኤረትራ ሐርነት ትቃላቐል ኣላ*
*ን2017 ብግብሪ ንስራሕ ንጠቐመላ..*

*ንኣርዮስ እንታይ የስንብዶ*
*ብውሽጢ ይኹን ብማዕዶ*
ቅጪ ሕርሙ *ዝዓጠቐኮማንዶ..*

*ክንዛረብ ዶ በቲ ዝሰምዕዎ ቛንቛ*
*ቆፎ ኣይመልእንዩ ሐረስካ ብፈረቓ*
*ሃገርና ብኽድዓት እያ ኣዚ ወዲቓ*
*ዓገብዩ ጃንዳ ህግደፍ ክሰትዩ ዱቛ..*

*ንውጹዕ ህዝቢ ኤረትራ ክንድብስ*
*ንድሙ ብስ ንተናኻሲ ከልቢ ነልግስ*
*ንዝደቀሱ ምጽባይ እንታይ ይዓብስ..*

*መንእሰይ ፍትሒ ይንገስ ምስ በለ*
*መንዩ ንደብረ ዘይቲ ዓዲሙ ዝፈላለ*
*ሕጂ ይገለጽ ኣብ ኣዲስ ዝተመወለ*
*ያኣክል ይበል ሕድሪ ጀጋኑ ዝተቐበለ.*

*ኤረትራዊ ሰንኪሉ ብመስዋእቲ ዝነደቖ*
*ንኹሉ ነቲ ዝተኸደነ ናይ ክድዓት ጥቢቆ*
*ይገለጽ ብመኹባዕቲ ከም ሐተላ ንጽመቆ*
*ንከዳዕ ከዳዕ ንሐርበኛ ሐርበኛ ነጠምቖ..*

*ገመል ሰረቕካ ይካኣል ዶ ጉምብሕ ጉምብሕ*
*መንኢኻ ከም ከልቢ እንቃዓ እንቃዓ ትነብሕ*
*ውዒሉ ሐዲሩ ክስበርዩ ናይ ዲክታቶር መቑሕ..*

*ኣብ መራኸቢ ብዙሐን ጽልኢ ቢኢሱ*
*ኣብ ፓል ክንዲ ሰቲ ብረመጽ ዝንስንሱ*
*ብክልተ ልሳኖም ከም መንደላ ዝናኸሱ*
*ኣብ መንጎ ኣስላም ክስታን ሐዊ ዘናኽሱ..*

*ሕድሪ ሰማእታትና ክቡርዩ መራሒኦም ዓዋተ*
*ኤረትራ መኻን ኣትኮነትን ወላዲት ሾሞ ንተ*
*ለካስ ብኸምዚዩ ነዊሑ ዕምሪ ስርዓት ገበተ*
*ተፈሊጡ ብስዉር ቃልስና ንድሕሪት ዝጎተተ..*

*ኣየወ ኣብ ጉባኤ ኣዋሰ  ሕኸኸኒ ክሐከካ*
*ኪዳን ህዝቢ ከየድሕን ዕንቅፋት ዝኾንካ*
*ሕቡእ ህግደፍ ገለ ዓርኪ ኣርዮስ ዝነበርካ*
*ቃልስና ክጸሪ ኣብ ቅርዓት ወጺኡ ጉድካ..*

*ኣጆኹም ኣጆና ክወግሕዩ ንምሸቱ*
*ተቓለስቲ ተመሲሎም ንድሕሪ ዝሰተቱ*
*ድሕሪ 12 ዓመት ኣኺሉ ምዓልቱ*
*ፍላስፋታት ሐሶት ተፈሊጦም ሃንደስቱ..*

*ናይ ደጉላት ህግደፍ ጭርጭር ዓበደ*
*ምስጢሮም ይኸይድ ኣሎ እንዳ ተጋህደ*
*ንደንበ ተቓውሞ ፋሕ ንምባል ዝተኣጎደ*
*ቃልስና ክዕወት ጉዶም ክቕላ ዩ በብሐደ..*

*ኣብ 2017  ንቃልስና ክንገብረሉ ገምጋም*
*ተቓወምቲ ውድባት ኣለዉ ዶ ብሂወቶም*
*መስሐቕ ሸራፋት ገሮምና  ደቂስኩም..*

*ህዝቢ  ንተቃወምቲ ክጽበ ከም ጨው ሐቛቑ*
*ስራሕ ቦኹሩ ብሰንኪ ቶም ዝበልዑ ጸጽቡቑ*
*ትውስኑ ዶ ምስ ደጉላት ህግደፍ ክትማጻደቑ*
*ናዓኻትኩም ኣሚኑ ዝቃለስ ሕልኑኡ ተጸንቂቑ..*

*ንጸረ ቃልሲ ኣይንበሎም ቁሊሕ*
*ንወለዶ ትማሊ ሎሚ ንኸይሰርሕ*
*ኣብ መንጎ ኣትዩ ግርጪት ዘባልሕ..*

*ከም ክናብ ፈረስ ኣይንበል ጎቦ ጎቦ*
*ብንያት ብሐቦ ሐይልና ንደራርቦ*
*ንኣርዮስ በቲ ዝፈልጦ መልሲ ክንህቦ*
*በትርን ስላዕን ኣብ ዝባኑ ክዝንቦ..*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዐ ዘሎ ህዝብና*
*ክብርን ሞጎስን ንጀጋኡ ሰማእታትና*
*ኤረ ሸዊት ለምለም ክኸውን ዓድና*
*ዕንወት ንጃንዳ ህግደፍ ዝብሉ ይንበረልና*